June 2009 Tigrignia

# ብቪድዮ ዝመሓላለፉ ናይ ውሕስነት ቀጸራ ቤት ፍርዲ

እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ፡ ነቶም ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ኣብ ትሕቲ ቀይዲን ቤት ማእሰርትን ንዘለው ሰባት ዝተዳለወ እዩ። ናይ ውሕስነት ቀጸራ ቤት ፍርዲ (bail hearing) እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ከተንብብዎ ይግበኣኩም፤ ምኽንያቱ እዚ ዓይነት ቀጸራ እዚ ናብ ቤት ፍርዲ ከይከድካ ብቪዲዮ ጥራይ ዝመሓላለፍ ክኸውን ይኽእል እዩ። ከምእውን እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ፡ ነቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘለው ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቅባን ሓገዝ ዝህቡ ግለሰባትን ማሕበራትን ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ይገልጽ፧

- ብቪድዮ ዝመሓላለፍ ናይ ውሕስነት ቀጸራ ቤት ፍርዲ እንታይ ማለት ሙኳኑ ከምእውን ብኸመይ ከምዝካየድ
- ናይ ውሕስነት ቀጸራ ቤት ፍርዲ ኣብ ቤት ፍርዲ ክካየደልኩም እንተደኣ ደሊኹም እንታይ ክትገብሩ ከምዘሎኩም
- ብዛዕባ ብቪድዮ ዝመሓላለፍ ናይ ውሕስነት ቀጸራ ፍርድ ቤት ዝያዳ ሓበሬታ ብኸመይ ክትረኽቡ ከም እትኽእሉ
- ውሕስነት ንኽተቕርቡ ዝሓተትኩሞ ሕቶ እንተደኣ ተነጺጉ እንታይ ክትገብሩ ከምዘሎኩም ከምእውን ብዛዕብኡ ብኸመይ ክትጠርዑ ከምትኽእሉ

*ኣገደስቲ ነገርራት፧*
ናይ ውሕስነት ቀጸራ ቤት ፍርዲ ዝበሃል እቲ ዳኛ ንኽትወጽእ ወይድማ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ንኽትጸንሕ ውሳነ ዝህበሉ መዓልቲ ቀጸራ እዩ። እቲ ዋሕስ ዘትሕዝ ግለሰብ (surety) ድማ ነቲ ዳኛ ገንዘብ ዘርኢ ግለሰብ ክኸውን እንከሎ፡ እንተደኣ ካብ ቤት ማእሰርቲ ወጺእካ ምስ ቤት ፍርድን ምስ ሰበስልጣናት ኢሚግሬሽንን ብቐጻሊ ክትራኸብ ከምዝኾንካ ዝወሓሰካ ሰብ እዩ።

## ብቪድዮ ዝመሓላለፍ ናይ ውሕስነት ቀጸራ ቤት ፍርዲ እንታይ ማለት እዩ?

እዚ ናይ ቤት ፍርዲ ቀጸራ ክኸውን እንከሎ፡ ንስኻ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ኮንካ፡ እቲ ናይ ኢሚግሬሽን ዳኛን እቲ ወኪል ናይ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያትን ድማ ኣብ ቤት ፍርዲ ብምኳን ጉዳይካ ከምዝስማዕ ይግበር ማለት እዩ። ናብቲ ቤት ፍርዲ ድማ ብቪድዮ ካሜራ ከምትራኸብ ይግበር። ዕላማ ናይቲ ቀጸራ ድማ፡ ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ብዋሕስ ክትወጽእ ይከኣል እንተኾይኑ ካብቲ ቤት ፍርዲ ውሳነ ንምስማዕ እዩ። ናይ ሕጊ ወኪል ወይ ጠበቓ፣ ኣተርጓሚ፣ ወይድማ ዋሕስ ዝኾነካ ሰብ እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ፡ ናብቲ ቤት ፍርዲ ይመጹ።

## እንታይ ክርኢ ወይ ክሰምዕ እኽእል?

ኣብ ሓንቲ ተለቪዥን ዘለዋ ክፍሊ ኣቲኻ ከምእትቕመጥ ይግበር። ነቲ ዳኛ፣ ነቲ ወኪል ናይ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት፣ ከምእውን ናይ ሕጊ ወኪልካ ወይ ጠበቓኻ (እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ)፣ ኣተርጓሚኻን ዋሕስካን በታ ተለቪዥን ክትርእዮምን ዝዛረብዎ ዘረባ ድማ ክትሰምዖምን ኢኻ። እቲ መስርሕ ቤት ፍርዲ ቅድሚ ምጅማሩ ደማ፡ እቲ ዳኛ ወይ ድማ እቲ ናይ ቤት ፍርዲ ወኪል ከምዚ ኢሉ ክሓተካ እዩ፧ "ኣብዚ ቤት ፍርዲ ዝግበር ዘሎ ኩሉ ኣብቲ ተለቪዥን ትርእዮን ትሰምዖን ኣሎኻ ዶ?" ዝይረኣየካ ወይድማ ዘይስማዓካን እንተኾኑ ግና፡ ክሳብ ዝድለ ምትዕርራይ ዝግበር፡ እቲ ምስማዕ ጉዳይካ ደው ከብልዎ ክትሓቶም ይግባእ።

Bail for Immigration Detainees (BID) is registered in England as a limited company number 3803669.
Registered address: 28 Commercial St, London, E1 6LS. Registered charity number 1077187.
Exempted by the OISC reference number N200100147

British Refugee Council, (commonly called the Refugee Council) is a company limited by guarantee registered in England and Wales, [No 2727514] and a registered charity, [No 1014576].
Registered office: 240-250 Ferndale Road, London SW9 8BB, United Kingdom, VAT reg no: 936 519 988

## ናይ ቤት ፍርዲ ናይ ውሕስነት ቆጸራይ መዓስ ከምዝጅምር ብኸመይ ይፈልጥ?

ኣብታ ዝተቐበልካያ ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራኻ መዓስ መዓልቲ ከምዝኸውን ትገልጽ (እቲ 'ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራ ምልክታ' ('Notice of Hearing') ዝተባህለት) ደብዳቤ፡ ኣብኣ ጉዳይካ ሰዓት ክንደይ ከምዝጅምር እውን ትገልጽ እያ። እንተኾነ ግን፡ ንሰዓት 10 ቅድሚ ቀትሪ ሰለስተ ከምእውን ንሰዓት 2 ድሕሪ ቀትሪ ንሰለስተ ጉዳያት መደብ ስለ ዝተሓዘሎም እቲ ቆጸራኻ ቁሩብ ክድንጉይ ይኽእል ይኸውን። ስለዝኾነ ናትካ ሪጋ ምስ በጽሐ እቶም ናይ ቤት ማእሰርቲ ሰራሕተኛታት ክጽውዑኻ እዮም።

## ምስቲ ናይ ሕጊ ወኪለይ ወይ ጠባቓይ ክዛረብ እኽእል ዶ?

ሕጋዊ ወኪል ወይ ጠበቓ እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ፡ ኣብቲ 'ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራ ምልክታ' ደብዳቤ ዝተገለጸ ናይ ቆጸራኻ ሰዓት 30 ደቂቕ ኣቀዲሙ/ማ ኣብቲ ቤት ፍርዲ ክርከብ እዩ። እቲ ጉዳይካ ምስማዕ ቅድሚ ምጅማሩ ን 10 ደቒቕ ምስ ናይ ሕጊ ወኪልካ ወይ ጠበቓኻ ክትዘራረብ ይፍቐደልካ እዩ። ኣብዚ እዋን ማለት ምስ ጠበቓኻ ኣብ ትዘራረበሉ ጊዜ፡ እቲ ዳኛን ይኹን እቲ ናይ ውሽጣዊ ጉዳያት ወኪልን ኣብቲ ቤት ፍርዲ ኣይክህልውን እዮም።

## ኣተርጎምቲ ክህልወኒ ድዩ፡ እንታይ ከ እዩ ዝገብር?

ናይ ውሕስነት ቆጸራኻ ብቋንቋ እንግሊዘኛ እዩ ዝካየድ። ስለዝኮነ ኣተርጓሚ እንተደኣ ትደሊ ኮንካ በቲ ናይ ውሕስነት፡ መመልከቲ ፎርም (Bail Application Form) (ቢ1 ፎርም (B1 form) ተባሂሉ ዝጽዋዕ) ፎርም ብምምላእ ክቐርበልካ ክትሓትት ይግበኣካ። ኣብቲ ናይ ውሕስነት ቆጸራኻ ግዜ እቲ ዝቐርበልካ ኣተርጓሚ ናብቲ ቤት ፍርዲ ብምምጻእ፡ በቲ ዝመሓላለፍ ቪድዮ ኣቢሉ ክዛረበካ እዩ። እቲ ኣተርጓሚኻ ነቲ ብኻልእ ሰባት ንዓኻ ብቐጥታ ዝሕተት ሕቶታት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቲ ቤት ፍርዲ ዝዝረብ ዘረባ ብምልኡ ክተርጉመልካ ይግባኦ። እዚ ተግባር እንተዘይፈጺሙ፡ ነቲ ናይ ሕጊ ወኪልካ ወይ ነቲ ዳኛ ክትነግሮ ይግበኣካ።

## እቲ ናይ ውሕስነት ቆጽራ ቤት ፍርዲ ክንደይ ሰዓታት ይወስድ?

እቲ ዳኛ ብዋሕስ ንክትወጽእ ዝሓተትካዮ ሕቶ ንኽቕበሎ ወይ ክነጽጎ ውሳኔ ክሳብ ዝህብ ይጸንሕ። ነቲ ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራ መስርሕ ብምልኡ በቲ ቪዲዮ ክትከታተሎ ትኽእል ኢካ። እቲ ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራ መስርሕ ክሳብ ዝፍጸም እቲ ቪዲዮ ኣይቋረጽን እዩ። እንተደኣ ኣቋሪጹ ግን፡ ክትጠርዕ ትኽእል ኢኻ – ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ታሕቲ ተጻሒፉ ዘሎ ጥርዓን ምቕራብ ዝብል ኣርእስቲ ተመልከት።

## ነቲ ዝዋሕሰኒ ሰብ ናበይ ክኸይድ ከምዘለዎ ንኽነግሮ ሓበሬታ ኣበይ እረክብ?

ናይቲ ቤት ፍርዲ ስምን ኣድራሻን ኣብቲ 'ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራ ምልክታ' ተጻሒፉ ይርከብ። ንኣብነት፡ ካምስፊልድ ሃውስ ምስቲ ኣብ ዌልስ ኒውፖርት ዝርከብ ቤት ፍርዲ ዝተተሓዘ እዩ። እቲ ዘለኻዮ ቤት ማእሰርቲ ምስ ኣየናይ ቤት ፍርዲ ከም ዝራኸብ እንተደኣ ዘይትፈልጥ ኮንካ ኣብቲ ናይ ቤት ማእሰርቲ ማእከል ቤት ጽሕፈት ክትሓትት ይግበኣካ። ነቶም ዋሕስ ዘቕርቡልካ ሰባት ናብቲ ቤት ፍርዲ ንምኻድ እንተደኣ ኣዝዩ ዝርሕቖም ኮይኑ፡ ኣብ ካልእ ቤት ፍርዲ ንኽግበረልካ ኣብቲ ናይ ውሕስነት መመልከቲ ፎርም ክትሕብር ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ እዚ ዝኾነ ሕቶ እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ ነቲ ዋሕስ ንናይ ኢሚግሬሽን እሱራት (Bail for Immigration Detainees - BID) ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ – ስልኪ ቁጽሪ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ጽሑፍ እዚ ተዘርዚሩ ይርከብ።

## ኣብቲ ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራ ግዜ ዝረኣዩ ወረቓቕቲ ኣየኖት እዮም?

ቅድሚ እቲ ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራ ግዜ ካብቲ ቤት ፍርዲ ኣተላኣከልካ 'ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራ ምልክታ' ዝብል ደብዳቤ ክትቅበል ኢካ (እዚ ድማ ናይቲ ቆጸራ መዓልቲ ዕለትን ግዜን ከምእውን ናይቲ ቤት ፍርዲ ሽምን ኣድራሻን ብዝርዝር ይገልጽ)። ከምእውን 'ጽሟቕ ትሕዝቶ ውሕስነት' ዝብል ደብዳቤ ካብቲ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ትቕበል፤ እዚ ደብዳቤ እዚ ድማ ስለምንታይ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክትጸንሕ ከምዘሎካ ብቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ዝተዋህቡ ምኽንያታት ዝገልጽ እዩ። ናይ ሕጊ ወኪል ወይ ጠበቓ እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ፡ ንሳ/ንሱ ኣብቲ ናይ ቆጸራ ግዜ ዝርአ ወይ ዝጥቀስ ወረቓቕቲ ብምልኡ ናብቲ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ከምእውን ናብቲ ዳኛ ክትቕርቦ/ክቕርቦ ይግባእ። ሕጋዊ ወኪል ወይ ጠበቓ እንተደኣ ዘይብልካ እሞ ነቲ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ከምእውን ነቲ ዳኛ ከተርእዮ እትደሊ ወረቓቕቲ ወይ ዶኲመንት እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ፡ ቅድሚ እቲ ናይ ቆጸራ መዓልቲ ፋክስ ክትገብሮ ይግበኣካ። ነዚ ዝምልከት ሕቶ እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ ምስ BID ተዘራረብ።

## ናይ ቤት ፍርዲ ናይ ውሕስነት መዓልቲ ቆጸራይ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ብኣካል ክርከብ እንተደልየ፤ እንታይ ክገብር እኽእል?

ብቪዲዮ ዝመሓላለፍ ናይ ውሕስነት ቆጸራ ቤት ፍርዲ እንተደኣ ዘይደለኻ እሞ ኣብ ክንድኡ ኣብቲ ቤት ፍርዲ ብኣካል ክትርከብ እንተደኣ ደሊኻ፡ ስለምንታይ ከምኡ ከምዝመረጽካ ኣብቲ ናይ ውሕስነት መመልከቲ ፎርም ክትገልጾ ይግባእ። ኩነታትካ ብዝምልከት ስለምታይ ኣብ ቤት ፍርዲ ብኣካል ክትቐርብ ትደሊ ምኽንያት ክትህብ ይግበኣካ። ንኣብነት፡ ፍሉይ ዝኾነ ናይ ቅድሚ ሕጂ ታሪኽ ወይ ተሞክሮ ክህልወካ ስለ ዝኽእል፡ ወይድማ ብሕክምና ምኽንያት ኣብ ቅድሚ ቪዲዮ ክትከውን ዘይከኣል እንተደኣ ኮይኑ። ጉዳይካ ኣብ ቤት ፍርዲ ብምምጻእ ክግበር ወይድማ ብመንገዲ ቪድዮ ክመሓላለፍ እቲ ቤት ፍርዲ እዩ ዝውስኖ። ነዚ ዝምልከት ሕቶ እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ ምስ BID ተዘራረብ።

## ብዋሕስ ንኽወጽእ ውሳነ ተዋሂቡኒ እንተኾይኑ ብኸመይ እፈልጥ?

ብዋሕስ ንኽትወጽእ ተፈቒዱልካ ወይ ኣይተፈቐደልካን እንተኾይኑ እቲ ዳኛ ክነግረካ እዩ። ኣብቲ መወዳእታ ናይቲ ቆጸራ፡ እቲ ዳኛ እንተደኣ ዘይነገረካ፡ ንኽነግሩኻ ክትሓቶም ትኽእል ኢኻ። እቲ ቤት ፍርዲ ድማ ብጽሑፍ ዝሰፈረ በቲ ዳኛ ዝተወሃበ ውሳነ፡ ናብቲ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ቤት ማእሰርቲ ፋክስ ክገብረልካ እዩ። ብዋሕስ ንኽትወጽእ እንተደኣ ተፈቒዱልካ፡ ክትፍርሞ ዝግበኣካ ፎርም ኣሎ፡ ደሓር፡ ናብቲ ዋሕስ ዝኮነካ ኣድራሻ ንኽትከይድ ናይ መጎዓዚኻ ወጻኢ.ታት ንምኽፋል 'ናይ ጉዕዞ ፍቓድ' ('travel warrant') ይወሃበካ።

## ውሕስነት ንኽወሃበኒ ዘእተኽዎ ሕቶ እንተደኣ ተነጺጉ እንታይ ክገብር ይግብኣኒ?

ናይ ሕጊ ወኪል ወይ ጠበቓ እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ፡ ብዛዕባ እዚ ምስኡ ክትዘረረብ ይግበኣካ። ናይ ሕጊ ወኪል ወይ ጠበቓ እንተደኣ ዘይብልካ ኮይኑ፡ እሞ ብዛዕባ እዚ ሕቶ እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ፡ ምስ BID ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ።

## ብዛዕባ እቲ ናይ ቤት ፍርዲ ናይ ውሕስነት ቆጸራይ ዝምልከት ጥርዓን፡ ብኸመይ ከቕርብ እኽእል?

እቲ ናይ ቤት ፍርዲ ናይ ውሕስነት ቆጸራኻ መስርሕ ብዝምልከት ጥርዓት ከተቕርብ እንተደኣ ደሊኻ፡ ናይቲ ጉዳይካ ዝተረኣየሉ ቤት ፍርዲ ሓላፊ ከተዘራርቦ ይግበኣካ። ናይቲ ቤት ፍርዲ ኣድራሻ ድማ ኣብቲ ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራኻ ዝሕብር ዝተቀበልካዮ ደብዳበ ተጻሒፉ ይርከብ። ብዛዕባ እቲ ዳኛ ጥርዓን ከተቕርብ እንተደኣ ደሊኻ፡ ነቲ ኣብቲ ጉዳይካ ዝተረኣየሉ ቤት ፍርዲ ዘሎ ናብቲ ላዕለዋይ ዳኛ ብጽሑፍ ጥርዓንካ ከተቕርብ ይግበኣካ። ነቲ ናትካ ናይ ፓርላመንት ኣባል (MP) ኣብ ክንዳኻ ኮይኑ ክጠርዕ ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ፤ ወይድማ ከመይ ጌርካ ጥርዓን ከተቕርብ ከምእትኽእል ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ምስ BID ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ።

## ብቪዲዮ ዝመሓላለፍ ናይ ውሕስነት ቆጸራ ቤት ፍርዲ ዝምልከት ካልእ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣሎ ዶ?

እወ። በቲ ናይ ዑቕባ ከምእውን ኢሚግሬሽን መጋባኣያ (Asylum and Immigration Tribunal - AIT) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቤት ፍርዲ፡ ዝተዳለወ፡ 'ብቪዲዮ ዝመሓላለፍ ናይ ውሕስነት ቆጸራ ቤት ፍርዲ ዘመልክቱ መምርሒ ጽሑፍ' ('Applicant Guidance Notes to Bail Hearings by Video Link') ዝብል ጽሑፍ ኣሎ። ምስቲ ዝተለኣኸ 'ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራ ምልክታ' ክትቅበሎ ይግባእ። ቅዳሕ ናይዚ ጽሑፍ እዚ ድማ ኣብቲ ቤት ንባብ ናይቲ ቤት ማእሰርቲ ክህሉ ይግባእ።

## እዞም BID ከምእውን ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council) ዝበሃሉ እንታዎት እዮም፤ ንምንታይ'ከ ነዚ ሓጺር መግለጺ እዚ ጽሒፎሞ?

እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ብ ዋሕስ ንናይ ኢሚግሬሽን እሱራት (BID) ከምእውን ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ዝተዳለወ እዩ። BID ከምእውን ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ርእሶም ዝኸኣሉ ገበርቲ ሰናይ ማሕበራት ክኾኑ እንከለው፤ ኣካል ናይ ውሽጣዊ ጉዳያት ኣይኮኑን። BID ምስቶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ወይ ድማ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘለው ሓተቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ብምትሕብባር ካብ ቤት ማእሰርቲ ንኽወጹ ዝሕግዞም ማሕበር እዩ። ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ንሓተቲ ዑቕባ ኣብቲ መስርሕ ናይ ዑቕባ ሕትኦም እዋን ዝተፈላለዩ ሓገዛትን ምኽርታትን ይህብ። እዞም ሓገዛት ድማ ኣብ ቤት

ማእሰርቲ ዘለዎ ሓተቲ ዑቕባ ምኽሪ ምሃብን ካብቲ ቦታ ክወጹ ምትሕብባርን የጠቓልል። ከምእውን ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ናብ ካልእ ማሕበራት፡ ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ድማ ናብ BID፡ ክልእኹኻ ይኽእሉ እዮም።

## ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ንመን ክዘራርብ እኽእል?

ኣብ Campsfield House ወይ Lindholme፡ ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ እንተደኣ ተኣሲርካ ኣሎኻ፡ ነቲ ኣብ Oxford ዝርከብ ቤት ጽሕፈት BID፡ ናብዚ ቁጽሪ 0845 330 4536 ብምድዋል፡ ወይድማ ናብዚ ቁጽሪ 0845 330 4537 ፋክስ ብምግባር ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ Colnbrook፣ Dover ወይ Haslar፡ ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ እንተደኣ ተኣሲርካ ኣሎኻ፡ ነቲ ኣብ Portsmouth ዝርከብ ቤት ጽሕፈት BID፡ ናብዚ ቁጽሪ 023 9281 6633 ብምድዋል፡ ወይድማ ናብዚ ቁጽሪ 023 9282 1529 ፋክስ ብምግባር ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ካልኦት ቤት ማእሰርትታት እንተደኣ ተኣሲርካ ኣሎኻ፡ ነቲ ኣብ London ዝርከብ ቤት ጽሕፈት BID፡ ናብዚ ቁጽሪ 020 7247 3590 ብምድዋል፡ ወይድማ ናብዚ ቁጽሪ 020 7247 3550 ፋክስ ብምግባር ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ዝኾነ ኣብ ካልእ ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ፡ እንተደኣ ተኣሲርካ ኣሎኻ፡ ነቲ ኣብቲ ቦታ ዘሎ ቤት ጽሕፈት ናይ ምኽሪ ስደተኛታት በቲ ናይ ምኽሪ ስልኪ ቁጽሪ ዝኾነ 020 7346 6777 ደዊልካ ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።